ግቡእና ወ’መሰልና

ንበይንናን ንብሕትናን ኣይኮናን
ኤርትራና ሀገርና ንደልያን ንፈትዋን
ኣለዉ ተበለጽቲ ዘጽልሉ ኣብ ዘይናቶም በዓቲ
ባሕጊኅም ዝወስዱ ናይ እንዳማቶም ርስቲ
ስለዚ ቀዳሞት ከም ህዝቢን ከም ሃገርን
ብኣጋ ተወፍዮም ንሕና ክንነብርን ክንከብርን
ኣለዉ ከፍርሱ ዝህቅኑ ናይ ህድምና ማእከል ዓንዲ
ንቀደም ኪይበልካዮም ዝቀርቡ ኣብ ማኣዲ
ንዓና ግን ፈጣሪ ከምዓለምና ፈቒዱልና
ኣብ ገዛእ ክቡር ሀብታም መሬትና
ተሳኒና ብሰላም ክንነብር መጻኢ ህይወትና
እሱ ስለዝኮነ ናይ ተፈጥሮ መሰልና
መሰልና እወ ከነተንፍስ ንፋስ ቀይሕ ባሕሪ
ክንሰቲ ጽሩይ ማይ ወሓይዝ ሩባና ዝዛሪ
ሸዊት ክንበልዕ ኣብ ጎላጉል ግራትና ዝፈሪ
ሽናዕ ክንብል ኣብ ጎደናታት ከተማታትና መዛወሪ
ክንሽለም ወርቂ ዝተኾልዔ ብናይ ብሻና ዳህሪ
ንሰራሕ ንጽዓር መዓልታዊ ንፈጽም ግቡእና
ብሰላም ክንነብር ንሓዋሩ ክንረክብ መሰልና
ነስተውዕል ወትሩ ኣይፈላለያን እየን ግቡእና ወ’መሰልና !

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝክርን ንሰውኣትና
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!